**ምምሕዳር ከተማ ስያትል ብዛዕባ ብርቱዕ ሙቐት ዝሃቦ ሓበሬታ**

**ትሕዝቶ ሓበሬታ፡** ኣብዚ ኣዋንዚ ኣብ ከተማ ስያትል ብርቱዕ ሙቐት ከም ዘሎ ተሓቢሩ ። ኣብ ደገ ዘሎ ሙቐት ብርቱዕ እንተድኣ ኮይኑ ምስ ሙቐት ዝተተሓሓዘ ዝተፋላለየ ናይ ጥዕና ጸገማት ከጋጥም ይኽእል። ብሕልፊ ድማ ኣረጋውያን ሰባት፣ ህጻውንቲ፣ናይ ኣእሙሮ ጸገም ዘለዎም ሰባትን ሕዱር ሕማም ዘለዎምን ብቐሊሉ ኣብ ሓደጋ ናይ ምውዳቕ ድንገት ከጋጥም ይኽእል።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ዝሑል ንፋስ ኣብ ዘለዎ ቦታ ምጽናሕ። ናብ ሓደ-ሓደ እንዳ ድኳናት፣ ሴነማን ካልእ ቦታታትን እንተከድኩም ድማ መዝሓሊ ዘለዎ (ኣየር ኮንዲሽን ዘለዎ)ቦታ ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ ገዛኹም ንጉሆ ወይ ድሕሪ ቀትሪ ጽሓይ ዝኣትዎም ማዓጹ ወይ መሳኹቲ እንተድኣ ኣለዉ ብመጋረጃ ምሸፋን የድሊ።
- ረቂቕ ክዳን ምኽዳን።
- ጎረባብትኹም ወይ ካልኦት እትፈልጡዎም ኣረጋውያን ሰባት እንተድኣ ኣለዉ ድማ ዛሕሊ ኣብ ዘለዎ ቦታ ክጸንሑን ክምኡ'ውን ብዙሕ ማይ ክሰትዩን ከተባራታትዑዎም ኣለኩም።
- ብቀጥታ ጸሓይ ኣብ ዝኣትዎ ቦታ ብዙሕ ዘይምጽናሕ።
- ንቆልዑ፣ ካልኦት መንእሰያትን፣ ከም ድሙን ከልብን ዝኣመሰሉ እንስሳታትን ኣብ ውሽጢ ማኪና ኣብ ፓርክ ዘይምግዳፍ።
- ብሬድዮ ዝወሃብ ህጹጽ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ከርኢ/ከንብብ ወይ ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

***ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ :***

http://www.seattle.gov/emergency-management/what-if/hazards/excessive-heat

http://www.doh.wa.gov/Emergencies/EmergencyPreparednessandResponse/Factsheets/HotWeatherSafety

http://www.ready.gov/heat